***ካብ ዝዕምጻኪ ሰብ ምርሓቕ ዝከኣለኪ ወይ ዘይከኣለኪ ኣብ ዝሰማዓኪ እዋን ንናትክን ናይ ቤተሰብክን ድሕንነት ንምምሕያሽ ክትገብርዮም እትኽእሊ ነገራት ኣለዉ።***

## ኣብ እዋን ኣስጋኢ ኩነታት

***ኣብ ገዛ ምፍርራህን መጥቃዕትን ምስዘጋጥመኪ፡***

- *ካብ ክሽነ ርሓቒ (እቲ ዓማጺ ሰብ ኣብኡ ከም ካራ ዝኣመሰሉ ንመጥቃዕቲ ዝኾኑ መሳርሒታት ክረክብ ስለዝኽእል)*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ከጻውደኪ ካብ ዝኽእለሉም ኣባይቲ መሕጸቢ፣ ኣርማድዮታት ወይ ጸበብቲ ቦታታት ርሓቒ*
- *መስቶኺ ማዕጾ ወይ መስኮት ናብ ዘለዎ ክፍሊ እተዊ*
- *ደዊልኪ ረድኤት ክትረኽብሉ ናብ እትኽእሊ ተሌፎን ናብ ዘለዎ ክፍሊ እተዊ፤ እንተኺእልኪ ነቲ ዓማጺ ሰብ ንደገ ገጹ ዕጸውዮ*
- *ረድኤት ንምርካብ ናብ 911 (ወይ ናብ ናይ ከባቢኺ ቁጽሪ ኣስጋኢ ኩነታት) ብህጹጽ ደውሊ፤ ናይቲ ተቐባሊ ሽም'ውን ሓዚ*
- *ረድኤት ንምርካብ ክትከድያ ብዛዕባ እትኽሊ ጎረቤት ወይ መሓዛ ኣቐዲምኪ ሕሰቢ*
- *በዓል መዚ ፖሊስ እንተመጺኡ፣ ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኩነታት ንገርዮ/ንገርያ፣ ሽሙ/ሽማን መላለዩ ቁጽሪ ስርሖም'ውን ሓዚ*
- *እንተተጎዲእኪ ሕክምና ክምእትረኽቢ ግበሪ*
- *ናይ መውቃዕቲ ስምብራትን መጕዳእትታትን ስእልታት ኣልዕሊ*
- *ናብ ትካል ቤታዊ ጎነጽ ወይ መዕቀሊ ቦታ ደዊልኪ ውጥን ድሕንነት ንኸተውጽኢ ክሕግዙኺ ሕተትዮም*

## ኣብ ገዛ ድሕንነትኪ ክትሕልውሉ እትኽእሊ መንገዲ

- *ረድኤት ዝርከበሉ ቦታ ኣጽንዒ፤ ናይ ኣስጋኢ ኩነታት ቁጽርታት ስልኪ ብልብኺ ሓዚ*
- *ብውሽጢ ክትዓጽውዮ ኣብእትኽእሊ ክፍሊ ተሌፎን ኣቐምጢ፤ እንተኺኢልኪ ኩሉግዜ እትሕዝያ ሞባይል ግበሪ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ካብ ገዛ ግዒዙ እንተወጺኡ፣ ናይ ማዕጾ ሽጋጣት ቀይርዮም፣ ንመሳኹት'ውን ሽጋጥ ግበርሎም*
- *ካብ ገዛ መህደሚ ዝኸውን ውጥን ኣውጽኢ፣ ንደቅኺ'ውን ኣርእይዮም*
- *ምህዳም ኣብዘድልየኪ እዋን ብዛዕባ እትኸድሉ ቦታ ሕሰብሉ*
- *ጎረባብትኪ ነቲ ዓማጺ ሰብ ኣብ ገዛኺ እንተርእዮሞ ናብ ፖሊስ ንኽድውሉ ንገርዮም፤ ናብ ፖሊስ ንኽድውሉ ሓባሪ ምልክት ንክኾኖም ግበሪ ንኣብነት ተሌፎን ክልተ ግዜ ምስእትደሃይ፣ መጋረጃ ምስዝዕጸው ወይ መብራህቲ ምስዝውላዕ*
- *ብህጹጽ ምኻድ ኣብዘድልየኪ እዋን ዘድልዩኺ ነገራት ዝሓዘት ሻንጣ ኣዳልዊ፤ ድሕንነት ኣብ ዘለዎ ቦታ ኣንብርያ፣ ወይ ንእትኣምንያ መሓዛ ወይ ዘመድ ሃብያ*
- *ጥረ ገንዘብ፣ መፍትሕ ማኪና ከምኡ'ውን ናይ ቤት ፍርዲ ወረቓቕቲ፣ ፓስፖርት ወይ ወረቓቕቲ ምስክር ልደት፣ ሰነዳት ሕክምናን መድሃኒታትን፣ ወረቓቕቲ ኢሚግሬሽንን ዝኣመሰሉ ኣድለይቲ ወረቓቕቲ ኣካትቲ*
- *ኣብ መዝገብ ዘይትኣትው ቁጽሪ ተሌፎን የእትዊ*
- *መንነት ደዋሊ ከምዘይረኣይ ግበሪ*
- *ተቐባሊት መልሲ ዘለዋ ተሌፎን ግበሪ፤ መንነት ደወልቲ'ውን ኣጻርዩ*

## ድሕንነት ደቅኺ ክትሕልውሉ እትኽእሊ መንገዲ

- *ወላ ክሕግዙ እንተደለዩ፣ ኣብ መንጎ ባእሲ ንኸይኣትዉ ንገርዮም*
- *ናብ ድሕንነት ዘለዎ ቦታ ብኸመይ ክኸዱ ከምዝኽእሉ፣ ናብ 911 ንኽድውሉ፣ ኣድራሻኽን ቁጽሪ ተሌፎንን ንፖሊስ ንክህቡ ንገርዮም*
- *ረድኤት ንምርካብ ንመን ከደሃዩ ከምዘለዎም ንገርዮም*
- *ካብ ክሽነ ንኽርሕቁ ንገርዮም*
- *ቅዳሕ ወረቐት ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ንዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ወይ መዋእለ ሕጻናት ሃብዮም፤ ምሳኺ ኣቐዲምም ከይተዛረቡ ደቅኺ ንማንም ካልእ ሰብ ንኸይህቡ ንገርዮም፤ ብተሌፎን ኣብትዛረብሉ ንስኺ ምኻንኪ ብርግጽ ንኽፈልጡ ሚስጥራዊ ቃል ተጠቀሚ፤ ናይቲ ዓማጺ ሰብ ስእሊ ሃብዮም*
- *እቶም ቆልዑት ነቲ ዓማጺ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንተርእዮሞ ንመን ከምዝነግሩ ምፍላጦም ኣረጋግጺ*
- *ኣባላት ቤት ትምህርቲ ኣድራሻኺ ወይ ቁጽሪ ስልክኺ **ንማንም** ሰብ ክህቡ ከምዘይብሎም ምፍላጦም ኣረጋግጺ*

## ኣብ ደገ ድሕንነትኪ ክትሕልውሉ እትኽእሊ መንገዲ

- *ልሙድ መስመር ጉዕዞኺ ቀይሪ*
- *ምስ እተፋላለዩ ሰባት ብማኪና ተጓዓዚ*
- *ካልእ ድኳንን ባንክን ተጠቀሚ*
- *ናይ ሓባር ዝነበሩ ዝኾኑ ናይ ባንኪ ሕሳባትን ክረዲት ካርድታትን ዕጸውዮም፣ ሓደሽቲ ሕሳባት ኣብ ካልእ ባንኪ ክፈቲ*
- *ዘለኪ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝን ናይ ኣስጋኢ ኩነታት ቁጽርታት ተሌፎንን ኩሉ ግዜ ሓዚ*
- *ሞባይል ሓዚ ከምኡ'ውን 911 (ወይ ካልእ ቁጽሪ ኣስጋኢ ኩነታት) ኣብኣ መዝግቢ*

## ኣብ ስራሕ ድሕንነትኪ ክተመሓይሽሉ እትኽእሊ መንገዲ

- *ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ቅዳሕ ኣብ ስራሕ ኣቐምጢ*
- *ንናይ ስራሕ ዋርድያን መሓዙትን ናይቲ ዓማጺ ሰብ ስእሊ ሃብዮም*
- *ንናይ ስራሕ ተቖጻጻርቲ - እቲ ዓማጺ ሰብ ንክረኽበኪ ኣጸጋሚ ክምዝኸውን ክገብሩ ዝኽእሉ እንተኾይኖም ሕተትዮም*
- *ኣብ ግዜ ምሳሕ ንበይንኺ ኣይትኺዲ*
- *ዋርድያ ናብ ማኪናኺ ወይ ናብ ኣውቶቡስ ንኸሰንየኪ ሕተቲ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ናብ ስራሕ እንተደዊልልኪ፣ ቃላዊ መልእኽትን ኢሜይልን ኣቐምጢ*
- *እቲ ወሃብ ስራሕ ንማሕበረሰብ ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ንኽትረኽቢ ክሕግዘኪ ይኽእል ይኸውን እዩ*

## ሕጋዊ ሓገዝ ምርካብ

**ሓለዋ ወይ ዓጋቲ ትእዛዛት**

- *ንናይ ከባቢኺ መደብ ቤታዊ ጎነጽ ሲቪላዊ ትእዛዝ ሓለዋ ንኽትረኽቢ ከምኡ'ውን ገበናዊ ክሲ ንኽተቕርቢ ክሕግዙኺ ሕተትዮም*
- *ጠበቓ ንኽትረኽቢ ሓገዝ ክግበረልኪ ሕተቲ*

**ኣብ መብዛሕቱ ቦታታት፣ እቲ ፈራዳይ ክገብሮም ዝኽእል ነገራት፡**

- *እቲ ዓማጺ ሰብ ካባኺ ወይ ካብ ደቅኺ ንክርሕቕ ትእዛዝ ምሃብ*

- *እቲ ዓማጺ ሰብ ካብ ገዛኺ ንኽወጽእ ትእዛዝ ምሃብ*
- *ንግዚኡ ንደቅኺ በይንኺ እትኣልይሉ ፍቓድ ምሃብ ከምኡ'ውን ነቲ ዓማጺ ሰብ ንግዚኡ ናይ ቆልዑት ክፍሊት ተቐራጺ ክገብር ትእዛዝ ምሃብ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ኣቁሑቱ ኣብዝወስደሉ እዋን ፖሊስ ናብ ገዛኺ ንኽመጹ ትእዛኣዝ ምሃብ*
- *ማኪና፣ ኣቕሑት ገዛን ካልእ ንብረትን እትውንንሉ ፍቓድ ምሃብ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ፈጸምቲ ጎነጽ ናብ ዝዕረዩሉ መደብ ንክኸይድ ትእዛዝ ምሃብ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ናብ ስራሕ ንኸይድውለልኪ ትእዛዝ ምሃብ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ሽጉጥ ንፖሊስ ንኽረክብ ትእዛዝ ምሃብ*

**ብዛዕባ እዞም ዝኽተሉ ዝኾነ ዘተሓሳስበኪ ነገር እንተሎ፣ ከምዝኽተል ምግባርኪ ኣረጋግጺ፡**

- *ዝኾኑ ስእልታት መጉዳእትኺ ንፈራዳይ ኣርእይዮ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ምስቶም ቆልዑት ግዜ ንምሕላፍ ንኽወስዶም ናብ ገዛ እንተመጺኡ ድሕንነት ከምዘይስማዕኪ ንገሪዮ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ነቶም ቆልዑት ካብ መደበር ፖሊስ ወይ ካልእ ድሕንነት ዘለዎ ቦታ ወሲዱ ናብኡ'ውን ንኽመልሶም ትእዛዝ ክህብ ሕተቲ*
- *ነቲ ዓማጺ ሰብ ናብ ዝፈቀዱሉ ዝኾኑ ናይ ምብጻሕ መደባት ብጌጋ ሰዓት እንተመጺኡ ፖሊስ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ብምንብባብ መታን ክፈልጡ ኣብ ፍሉይ ሰዓታት ክግበር ሕተቲ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ነቶም ቆልዑት ጎዲእዎም ወይ ኣፋራሪሕዎም ዝፈልጥ እንተኾይኑ ነቲ ፈራዳይ ንገርዮ፤ ኣብ ዝበጽሓሉ እዋን ተዓዛቢ ንኽግበር ሕተቲ፣ ነዚ ክፍጽም ዝኽእል ሰብ ብዝምልከት ሕሰብሉ*
- *ዝተመስከረ ቅዳሕ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ሓዚ*
- *ነቲ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ኩሉግዜ ምሳኺ ሓዝዮ*

## *ስርዓት ምርመራ ገበን*

- *ንኣኽባር ሕጊ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዛኣትኪ ኣርእይዮ*
- *ሰነዳት ሕክምና መጉዳእትታኪ ወይ እንተለኪ ስእልታት ንኣኽባር ሕጊ ኣርእይዮ*
- *ንኣኽባር ሕጊ ናይ ዝኾነ ዝሕግዘኪ ዘሎ ሰብ (ናይ ግዳይ ወኪል ወይ ጠበቓ) ሽም ሃብዮ*
- *ዝኾነ መጉዳእቲ ወይ ዓመጽ ብዝምልከት ብዛዕባ ዘለዉ ምስክራት ንኣኽባር ሕጊ ንገርዮ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ካብ ቤት ማእሰርቲ ዝወጽእ እንተኾይኑ እቲ ኣኽባር ሕጊ ኣቐዲሙ ንኽፍልጠኪ ሕተትዮ*

## *ኣብ ቤት ፍርዲ ድሕንነትኪ ሓልዊ*

- *ኣብ ቤት ፍርዲ ብዝተኻእለ መጠን ካብቲ ዓማጺ ሰብ ርሒቕኪ ኮፍ በሊ፤ ናብቲ ዓማጺ ሰብ ምጥማት ወይ ምስኡ ክትዛረቢ የብልክን፤ ናይቲ ዓማጺ ሰብ ቤተሰብ ወይ መሓዙት ኣብኡ እንተለዉ ከተዛርብዮም የብልክን*
- *ጉዳይኪ ክሳብ ዝቐርብ ምሳኺ እትጽበይ መሓዛ ወይ ዘመድ ሒዝኪ ምጺ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ከምዘፍርሓክን ንክሕልዉኺ ድማ ንሰራሕተኛ ጸጥታ ቤት ፍርዲ ወይ ንፖሊስ ንገሪ*
- *ቅድሚ ወጺኺ ምኻድኪ ናይ ቤት ፍርዲ ትእዛዝ ከምዘለኪ ኣረጋግጺ*
- *ጉዳይ ምስተወድአ እቲ ፈራዳይ ወይ ሰራሕተኛ ጸጥታ ቤት ፍርዲ ነቲ ዓማጺ ሰብ ንቁሩብ እዋን ኣብኡ ንኽጽንሖዎ ሕተቲዮም፤ ቀልጢፍኪ'ውን ወጺኺ ኪዲ*
- *እቲ ዓማጺ ሰብ ወጺኺ ምስከድኪ ዝከታተለኪ ዘሎ እንተመሲልኪ፣ ብህህጹጽ ናብ ፖሊስ ደውሊ*
- *ብስራሕ ምኽንያት ወይ ካብቲ ዓማጺ ሰብ ንምርሓቕ ናብ ካልእ ክፍለ ሃገር ምጉዓዝ እንተኣድልይኪ፣ ናይ ሓለዋ ትእዛዝኪ ሒዝኪ ኺዲ፤ ኣብ ኩሉ ቦታ ተግባራዊ እዩ*

ብናይ American Bar Association ፍቓድ ካብ ውጥን ድሕንነት ቤታውዊ ጎነጽ ዳግም ዝተሓትመ፡ ንዓኽን ንቤተሰብክን ዝኾኑ ፍንጭታት ድሕንነት፣ ናይ ABA Tort Trial፣ ናይ Insurance Practice Section ከምኡ'ውን ናይ ABA Commission on Domestic Violence ናይ ሓባር መደብ።

እዚ መደብ ቤት ጽሕፈት Violence Against Women Office፣ U.S. Department of Justice ብዝተስልዐ ባጀት ቁጽሪ 2009-WF-AX-0005 ዝተኻየደ እዩ። እዞም ዝተገልጹ ርእይቶታት፣ ውጽኢታት፣ መድምደሚ ሓሳባትን ምኽርታትን ናይቲ ጸሓፊኢ(ሓፍቲ) እምበር ናይ Department of Justice፣ Office on Violence Against Women ርእይቶ ዘንጸባርቑ ኣይኮኑን።

# *ቤታዊ ጎነጽ*
# *ንዓኽን ንቤተሰብክን ዝኾኑ*
# *ፍንጭታት ድሕንነት*

***ሰግኣት እንተኣጋጢምኪ፣***
***ናብ 911 ወይ***
*ናይ ከባቢኺ ናይ ፖሊስ ቁጽሪ ኣስጋኢ ኹነታት ደውሊ*

*ኣብ ከባቢኺ ብዛዕባ ዝርከብ ሓገዝ ንምፍላጥ፣ ናብ ሃገራዊ መስመር ቤታዊ ጎነጽ፡*
*1-800-799-7233*
*1-800-787-3224 (TTY)*
*ወይ*
*ናብ መስመር መላእ ክፍለ ሃገር ነቫዳ፡*
*1-800-500-1556 ደውሊ*

*ንዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዘገልግሉ ኣተርጎምቲ ኣለዉ።*

# *ኣብ ነቫዳ መርበብ ጸረ ቤታዊ ጎነጽ*